## ክትፈልጦ ኣድላዪ ዝኾነ

# ብዛዕባ ንንፍዮ፡ ጽግዕን ፍሮማይን

Folkhälsomyndigheten

ንፍዮ፡ ጽግዕን ፍሮማይን ሰለስተ ኣዝዮም ተላገብትን ከበድቲ ሕማም ከስዕቡ ዚኽእሉን ሕማማት'ዮም። ኣብ ሃገር ሽወደን ኣብዚ ግዜ ልሙዳት ኣይኮኑን፣ ኣብ ዙርያታት ዓለምና ግን ይርከቡ እዮም። ውላድካ ክታበት ብምውሳድ ካብዞም ሕማማት እዚኦም ኪሕሎ ይኽእል እዩ።

ሕማም **ንፍዮ፡** ከቢድ ዝኾነ ረስኒ፡ ምስዓልን ሹፍታ ናይ ቆርብትን ዘስዕብ ኰይኑ፤ ተወሰኺ ስዒቦም ዚመጽኡ ሓማማት፡ ከም ረኽሲ-ኣእምሮ፡ ረኽሲ-እዝኒን ረኽሲ-ሳንቡእን ውን ዘኸትል እዩ። ጸረ ንፍዮ ዚኸውን ሕክምና ስለ ዘየልቦ፣ እቲ ሕማም'ቲ ክሳብ ሞት ዘምርሓሉ ኣጋጣሚታት ኣሎ'ዩ።

**ጽግዕ** ሓደ ዓይነት ረኽሲ ኰይኑ፡ ብቐዳምነት ነቶም ናይ ምራቕ-ኣፍ ጽክታት ዝጥቅዕ'ዩ። ተወሰኺ ስዒቦም ዚመጽኡ ሓማማት፡ ከም ረኽሲ ሽፋን-ኣእምሮ፣ ረኽሲ-እእምሮን ውን ዘኸትል እዩ። ኣወዳት ኣብ ፍረ-ነፍሶም ረኽሲ ከጋጥሞም ይኽእል እዩ። ጸረ ጽግዕ ዚኸውን ሕክምና የልቦን።

**ፍሮማይ፡** ብዙሕ ግዜ ቀልልዝ ዝበለ ሕማም ኣብ ዓበይትን ቆልዑን ዘስዕብ ረኽሲ'ዩ። እንተኾነ ግን ሓንቲ ነፍሰ-ጾር ሰበይቲ ብፍሮማይ እንተ ተለኺፉ፣ እቲ ጥንሳ ኪንጸል ዓቢይ ሓደጋ ኣሎ። ወይ ውን እቲ ዕሸል ኣብ ማህጸን ኣዲኡ ከበድቲ መጕዳእቲ ስዒብዎ ኪውለድ ይኽእል'ዩ። ጸረ ፍሮማይ ዚኸውን ሕክምና የልቦን።

ክታበት ብምውሳድ ዚርከብ ምክልኻል እቲ ውላድካ ንምክልኻል ኢልካ ትገብሮ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ኣገባብ፣ ክታበት ከም ዚወስድ ብምግባር'ዩ። እቲ ንንፍዮ፡ ጽግዕን ፍሮማይን ዚወሃብ ክታበታት፣ ኣዝዩ ፍቱን ዝኾነን ውጽኢታዊን እዩ። ኰሎም'ቶም ብማእከል ክንክን-ሕጻናትን ብጥዕና-ተመሃራይን ዚወሃቡ ክታበታት፣ ብድሌትካ ዚውሰዱን ዘይክፈሎምን እዮም። ናብ ወጻኢ ሃገር ቅድሚ ምጋሽካ፡ ስድራቤትካ እንታይ ናይ ክታበት ምክልኻል ከም ዘሎዎም ኣስተብህለሉ።

---

### ብዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊ'ዶ?

ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፡ ኵሉ ግዜ ምስ ናትካ ማእከል ክንክን ጥዕና ቈልዑ (BVC) ወይ ምስ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውላድካ ዝርከብ ክንክን ጥዕና ተመሃራይ ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

### ክታበት ብኸምዚ ዚስዕብ ይትግበር

**ቅድሚ እቲ ክታበት**
ውላድካ ኣብ ቤትትምህርቲ ዚኸይድ ምስ ዚኸውን፣ ኣቐዲምካ ብዛዕባ ክታበታት ኣዘራሪብካዮ ምጽናሕ ጽቡቕ'ዩ። እቲ/ታ ውላድካ ምናልባት ዘሕስቦ ነገር ከይህልዎ'ሞ፣ ኣብቲ ክታበት ዚውሰደሉ ግዜ ምስ መጸ ተዳልዩሉ ንምጽናሕ ንኪኽእል እዩ። ንስኻ/ኺ ከም ወላዲ መጠን ደገፍ ዘድልየካ ምስ ዚኸውን፣ ምስታ ኣብ ማእከል ክንክን-ሕጻናት ዘላ ነርስ ወይ ምስታ ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ (barnhälsovårdssjuksköterska eller skolsköterska) ርክብ ግበር።


**እቲ ክትባት**
እቲ ክታበት፡ ከከም ዕድመ ናይቲ ቆልዓ፡ ብመርፍእ ኣብ ሰለፍካ ወይ ኣብ ላዕለዋይ ምናትካ ይወሃበካ።

**ብድሕሪ እቲ ክታበት**
መብዛሕትኦም ሰባት ብድሕሪ'ቲ ክታበት ዚስምዖም ነገር የልቦን ወይ ኣብቲ ዝተወጋእካዮ ቦታ ቁሩብ ኪሓብጥ ይኽእል'ዩ። ገለ ሰባት፡ ብድሕሪ 7/12 መዓልታት ዘሎ ግዜ፣ ቀልል ዝበለ ሹፍታን ረስኒን ኪገብረሎም ይኽእል'ዩ።

ብድሕሪ ክታበት ገለ ዘሻቕለካ ነገር ምስ ዚርከብ፣ ምስታ ኣብቲ ናትካ ማእከል ክንክን-ሕጻናት ዘላ ነርስ ወይ ምስታ ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ ወይ ምስ ክንክን-ሕማም ርክብ ግበር።

### ናይ ሽወደን መደብ-ክታበታት

ኣብዚ፡ ኣብ ሽወደን ነቶም ከበድቲ ሕማምት ንምክልኻል ተባሂሎም ንኵሎም ቆልዑ ዚወሃቡ ክታበታት ትርእዮም ኣሎኻ።




FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN, ARTIKELNUMMER 23178-5 TIGRINJA. 2023. FORM, SÖDRA TORNET